**ኣገደስቲ ሓቅታት፡ጠረጴዛ ክፍሊት ውሕስነት**

ኢሚግሬሽን፣ ስተተኛታትን ዜግነትን ካናዳ፣ Immigration, Refugees and Citizenship Canada (IRCC)፣ ጠረጴዛ ክፍሊት ውሕስነት ብምድላውን ቶምተዋሓስቲ ኣካላት ንስደተኛ ስድራቤት ንዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ክንደይ ዝኣክል ገንዘባዊ ሓገዝ ከዳልዉከምዘለዎምግምት ኣውጺኡ ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ናይ ካናዳ ዘድሊ ናይ ናብራ ወጻኢታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ እዚ ጠረጴዛ ከምገንዘባዊ መምርሒ ዘገልግል ኮይኑ ብግምት ናይ ማሕበራዊ ምትሕግጋዝ ዝተዳለወ እዩ።

**ጠረጴዛ ክፍሊት ውሕስነት**

እዚ ዝስዕብ ጠረጴዛ ክፍሊት ውሕስነት ካብ ናይ IRCC ገንዘባዊ መምርሒ ብማነረት ኣብ ማመልከቻ ንውሕስነት ስደተኛ (Refugee Sponsorship Application Kit) ዝተወስደ እዩ። እዘ ምክፍሊታት ኣብ መጋቢት 2014 ዝተመሓየሹ እዮም። ብኽብረትኩምንናይ ቀረባ እዋን ማጠን ንምፍላጥ፣ ናይ [IRCC’ ዌብሳይት](IRCC’ ዌብሳይት) ኣብዚ ተወከሱ።

| ግምት ናይ ጠቕላላ ዓመታዊ መንበሪ ክፍሊት ($) | መበገሲ ክፍሊት | ናይ 12 ኣዋርሕ ሓገዝ እቶት | ኣባል ስድራቤት |
|---|---|---|---|
| 12,600 | 2,800 | 9,800 | 1 |
| 21,200 | 4,400 | 16,800 | 2 |
| 23,000 | 5,300 | 17,700 | 3 |
| 27,000 | 7,000 | 20,000 | 4 |
| 29,700 | 7,200 | 22,500 | 5 |
| 32,500 | 8,000 | 24,500 | 6 |
| 2,500 | 1,000 | 1,550 | ተወሳኺ ኣባል |

**መበገሲ ክፍሊት**

ማበገሲ ክፍሊት ሓንሳብ ዝኸፈል ኮይኑ ነዞምዝስዕቡ ይውዕል:

- ኣቑሑት ገዛ
- ንብረት
- ጨርቀ መርቂ
- መዓልታዊ መግቢ
- (ቀውዒ) ክዳውንቲ
- ትሕጃ ናይ ቁሳቑስቲ
- መእተዊ ማስመራት ቴሌፎን
- ናይ ቀዳመይቲ ወርሒ ክራይ ገዛ

## ሓገዝ እቶት

ብኽበርትኩምእዞምኣሃዛት ግምታት ምዃኖምን እቲ ዝተሓተ ግምት ናይቲ ዘድሊ ምወላን ምዃኖም ኣስተውዕሉ። ክፍሊት ናይ መንበሪ፣ መግቢ፣ ከምኡውን መጓዓዝያ ብማጠን ዕድመናይ ውሑስን ኣከባብን ክፈላለ ይኽእል እዩ።

## ጠረጴዛ ምጉዳል ዓይነታዊ ሓገዝ

ዓይነታዊ ሓገዛት ነቶምዘድልዩ ገንዘባዊ ምወላታት ክንክይዎምይኽእሉ እዮም፡ እዚ ዝስዕብ ጠረጴዛ ብ IRCC ዝተዳለወኮይኑ፣ ነቲ ብማጠን ዓቕን ስድራቤት ዝወሃብ ዓይነታዊ ሓገዝ ዝግምት እዩ። እዞምግምታዊ ኣሃዛት ብማሰረት ዓመታዊ ወጻኢታት ዝተዳለዉኮይኖም፡ ኣብጊዜ ክቕየሩ ዝኽእሉ እዮም፡ ብኽብረትካ ኣብ ናይ [IRCC ዌብሳይት ]() ብምኽፋት ነቲ እዋናዊ ማጠን ኣረጋግጽ።

| መዓልታዊ መግቢ | መበገሲ ክፍሊታት ቤት-ትምህርቲ | መበገሲ ክፍሊታት (ጠለባት ስድራቤት) | ንብረት | ክዳውንቲ | መጽለሊ | ዓቕን ስድራቤት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 175 | | 325 | 1,500 | 500 | 6,000 | 1 |
| 250 | | 350 | 2,000 | 1,000 | 7,100 | 2 |
| 325 | | 375 | 2,500 | 1,375 | 7,800 | 3 |
| 400 | | 400 | 3,000 | 1,750 | 8,400 | 4 |
| 475 | | 425 | 3,500 | 2,125 | 9,600 | 5 |
| 550 | | 450 | 4,000 | 2,500 | 9,600 | 6 |
| 75 | 150 ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ዕድመ ካብ 4-21 | 25 | 500 | 375 | 900 | ንተወሳኺ ኣባል ስድራቤት |

እቲ ስደተኛ ስድራቤት ሒዝዎ ናብ ካናዳ ዝመጽእ ገንዘባዊ ጸጋ፣ ነቲ ካብ ተዋሓሲ ኣካል ዝረኽብዎ ገንዘባዊ ሓገዝ ክንክዮ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን፣ ብኽብረትካ፣ ኣብ መጻኢ ክጋጥምን ዝኽእል ነገራት ኣብ ግምት ዘእቱ መደብ ክህሉ ኣድላዩ እዩ።

## መጠን ናይ ከባብያዊ ማሕበራዊ ምትሕግጋዝ

ብዛዕባ ናይ ከባብያዊ ማሕበራዊ ምትሕግጋዝ ኣፍልጦ ምድላብካ፣ እቲ ጉጅለኻ ክንደይ ዝኣክል ወርሓዊ ኣበልን ባጀትን ከምዝድልዮ ንኽምድብ ይሕግዝ እዩ። እዞምኣሃዛት ብ IRCC ነቶምብመንግስቲ ዝድገፉ ስደተኛታት ንምድላውኣበላት ናይ Resettlement Assistance Program (RAP) መወከሲ ይኾኑ እዮም፡ ምስ

ናይ ከባያዊ ወይ ኣውራጃዊ ምምሕዳር ብምዝርራብ ብዛዕባ ማጠን ማሕበራዊ ሓገዝን ሓገዝ እቶትን ኣረጋግጽ።

Refugee Sponsorship Training Program
ቴሌ: 416.290.1700, 1.877.290.1701
ፋክስ: 416.290.1710
ኢመይል: info@rstp.ca
ዌብሳይት: www.rstp.ca

መወዳእታ ዝተመሓየሸሉ:መጋቢት 2014